Australian Government
Department of Social Services

# ግዱድን ትሕቲ-ዕድመን መርዓ

## ንሓደ ሰብ ንኺምርዖ ጸቕጢ ምግባር፡ ኣብ ኣውስትራልያ ከቢድ ገበን እዩ።

ኣብ ኣውስትራልያ፡ ሓደ ሰብ ንኺምርዖ ባዕሉ ኪመርጽ ናጻ እዩ። መብዛሕቱ ግዜ፡ ሓደ ሰብ ብሕጊ ኪምርዓው እንተኾይኑ፡ ዕድሚኡ ልዕሊ **18** ዓመታት ኪኸውን ኣለዎ። ኣብ ሓደ ሓደ ኩነታት ድማ ዕድሚኡ ልዕሊ 16 ዝኾነ ሰብ ኪምርዖ ይኽእል እዀ እንተኾነ፡ እዚ ግን ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ክውሃቦ ኣለዎ።

ሓደ ሰብ፡ ጸቕጢ ከይተገብረሉ ወይ ከይተታለለ ንኽምርዖ ኪሰማማዕ ይግባእ።

ብስድራ ዚምደብ መርዓ፡ ክልቲኦም ወገናት ብወለንታ ተሰማሚዖም ዝምርዓዉ ስለዝኾነ፡ ካብ ጉዱድ መርዓ ዝተፈልየ እዩ፣ ኣብ ኣውስትራልያ ድማ ሕጋዊ እዩ።

> ንስኹም ወይ እትፈልጥዎ ካልእ ሰብ፡ ኣብ ሓደጋ ምስእትህልዉ፡ ብ**000** ገይርኩም ናብ ፖሊስ ደውሉ።
> ኣብ ኣውስትራልያ ዘለዉ ፖሊስ፡ ውሑሳት ዝኾኑን ክእመኑ ዝኽእሉን እዮም።
>
> ናጻ፡ ምስጢራዊ ምኽርን ደገፍን ንምርካብ፡ ብ**1800 737 732** ገይርኩም ናብ 1800 RESPECT ደውሉ።
>
> ብናጻ ዝትርጉመልኩም ኣስተርጓሚ እንተደሊኹም፡ ናብ **131 450** ደውሉ።

## ሓደ ሰብ፡ ግዱድ መርዓ ንኺፍጽም ወይ ንመርዕኡ ዚውድብ ሰብ ንምርካብ ናብ ካልእ ሃገር ሒዝካዮ ምኻድ ወይ ከምዚኸይድ ምግባር ዘይሕጋዊ እዩ።

ግዱድን ትሕተ-ዕድመን መርዓ፡ ኣንጻር ፍቓድ'ቶም ሰባት ናብ ካልእ ሃገር ከምዝኸዱ ወይ ዶባት ሰጊሮም ከምዝጉዓዙ ምስ ምግባር ሓደ ሓደ ግዜ ኪተኣሳሰር ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ዘይሕጋዊ እዩ።

## ንስኹም ወይ ንስኹም እትፈልጥዎ ሰብ፡ ኣብ ከምዚ ሓደጋ ትርከቡ ኣለኹም'ዶ?

ብ**131 237** ገይርኩም ናብ ፌደራላዊ ፖሊስ ኣውስትራልያ (**Australian Federal Police** (AFP)) ደውሉ። AFP፡ መባእታዊ ምኽሪ ኪህብን እቶም ግዱድን ትሕተ-ዕድመን መርዓ ወይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰብ ዘጋጠሞም ግዳያት ናብ ዝረኽብሉ ንኽም መንበሪ-ገዛ፡ ፋይናንሳዊ ደገፍ፡ ማዕዳን ሕጋዊ ምኽርን ናብ ዘጠቓልል ደገፍ ከመሓላልፍ ይኽእል።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ንመርበብ-ሓበሬታ **www.afp.gov.au** ንዝወስድ መስመር ጠዊቕኩም ርኣዩ።

## ክሕግዘኹም ዝኽእላ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎታት ኣብ ኣውስትራልያ ኣለዋ።

**1800 RESPECT**፡ ኣብ ኣውስትራልያ ዚርከብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ማዕዳ ጾታዊ መጥቃዕቲ፡ ስድራቤታውን ዘቤታውን ዓመጽ (Australia's National Sexual Assault, Family and Domestic Violence Counselling service) እዩ። ብተሌፎንን ብመስመር ኢንተርነትን ኣቢሉ ድማ ናጻ፡ ምስጢራዊ ማዕዳን ሓበሬታን ይህብ። ኣማኸርቲ፡ ንዓኹም ጽን ኢሎም ብምስማዕ፡ ንሕቶታትኩም ይምልሱ፣ ከምኡውን ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከባ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎታት ደገፍ ከመሓላልፍኹም ይኽእሉ እዮም።

ናብ **1800 737 732** ደውሉ ወይ ድማ ንመርበብ-ሓበሬታ 1800 RESPECT **www.1800RESPECT.org.au** ከፊትኩም እተዉ።

## ኣስተርጓሚ የድልየኩም ድዩ?

ብ**131 450** ገይርኩም ናብ ኣገልግሎት ትርጉምን ምስትርጓምን (**Translating and Interpreting Service** (TIS)) ብናጻ ደውሉ። TIS፡ ምስ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎታት ንኽትራኸቡ ክሕግዘኩም ይኽእል። TIS ግን ኣገልግሎት ማዕዳ ኣይህብን እዩ።

## ብዛዕባ ግዱድ መርዓን ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰብን ብዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፥

ናብ መርበብ-ሓበሬታ ክፍሊ ኣኽባር ሕጊ (Attorney-General's Department) **www.ag.gov.au** ንዝወስድ መስመር ጠዊቕኩም ርኣዩ።